# ጻዊዒት ንዀሉ ተቓዋማይ እየ
# በሃሊ ጌጋና ባዕልና ክንመሚ
# ካብ ሕድሪ ስዋኣቱ ዘይጠለመ
# በርሀ ዑቁባዝጊ ጀርመን

መን እዩ መንሽሮ ናይ ሃገር
ዘይብሉ ቁምነገር ንበል ሃሰስ
መፍትሒ ንድለየሉ ጽባሕ ከይንክሰስ

ኩሉ ዝብል ኣነ እየ ኪኢላ
ኣብ መጨረሻ ግን ዝብል ኣነ የሎኹላን
መን እዩ ደአ ኣባኻላ ዝነበረ
መንከ ናይ ምፍልላይና ጠንቂ ዝኾነ

ንዀሉ ንግደፎ  ነድሕን ህዝብና
በሓባር ኮፍ ኢልና እስከ ንዛተ

ኣይንበል ውድበይ ውድብካ
ውድበይ ውድብካ ሃገርካ ሒዝካ
ንመላኺ ኣባሪርካ
ደሞክራሲያ ኣራጋጊጽካ

ውድብካዶ ሰልፈይ ሰልፍኻ
ሹዑ የምሕረልና ይምሕረልካ
ሕጂ ግን ናይ ሓባር ጸላኢ ኣሎና
ህዝቢ እና ጠፍኤ ቱርጉም የብሉን

ክትሓስብ  ክተዕቢ ውድብካ
ኪዳን ዝብል ሽም ኣቐሚጥ

በበይኑ ዶ ዳሳት ምተተኸለ
ኣስደምሙኒ ዝብሎ ሲኢነ

በሉ እስከ ንግበር ቁምነገር
ነቲ ሓደ ኣማዕሪግና ናብቲ ሓደ ንስገር
ሕውነትና ክምለስ ናብ ዝነበሮ

ንዘክር እስከ ሰማንያን ሽዱሽተን
ቁጽርና ኣሻሓት ዶ ኣይነበረን
መዋዳደርትና ክብሉ ሃነን መነን
ህዝቢ ደጋፊና ዶ ኣይነበረን

ካብ ሙሉእ ኢሮፓ ህዝቢ ክእከብ
ኣይነበረን ድዩ  ናይ ቃልስና መኽሰብ

ቅርሕንቲ ንግደፎ ንጠርንፎ ህዝብና
ከም ናይ ቀደምና ሓንቲ ዳስ ተኺልና

መሰረታት ኪዳን ሓዲኡ ንግበር
ተሓታቲ ምስ ኮና ጽባሕ ከይንሓፍር
ኣይነሰክሞ ጥራይ ንመሪሕነት
ንሕና ውን እኮ ኣለና ሓላፍነት

ኣታ ሓዲኡ ንግበር ህዝብናስ ተበዲሉ እንበር
ሞቑሕ መላኺ ክንሰብር
ወዓል ሕደር ኣይንበል ቁምነገር ንግበር
ድሕነት ህዝብና ኣብ ቅድሚት ሰሪዕና

ኣቱም ሲቪክ ውን ሓዲኡ ግበሩ
 ምፍልላይ ቱርጉም ነይቡሉ

ኣብ ሓደ ጣውላ ኮፍ ኢልኩም ፍታሕ ግበሩሉ
ምፍልላይኩም ቀጠፍቲ ከይጥቀሙሉ

ሹዑ ሓደ ኣካል ኮና
ነባርሮ ናይ ሃገርና ደመኛ

ዓወት ንደሞክራስያዊ ቃልስና
ዘለኣለማዊ ዝክሪ ንጀጋኑ ሰዋኣትና
ጃንዳ ህግደፍ ከም ትኪ ይብነኑ
ሓምለ 07 07 2009

ኣታ ኣማኒ ህዝቢ እዝግዮ በል
ገበል እንተተወርወረ ንህግድፍ ዝበልዕ
ማሪያም ደብረሲና ስምዕዮ ንህዝቢና
ሽጊርዎ ኣሎ ሲኢኑ ደበና
መፍተት ካሕዳያት ኮይና ሃገርና